# መስራቲ ጉባኤ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሰልፊ ሎሚ ብወግዒ ተኸፊቱ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊባይቶ
## 25.07.2008

ሻዱሻይ ጠቕላላ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፥ ንውድቡ ኣፍሪሱ ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባትን፡ ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን ኰይኑ ሓደ ሰፊሕ ህዝቢ ዝሰረቱ ሰልፊ ንኽቐውም ቅድሚ ክልተ ዓመታት ውሳኔ ምትሕልላፉን ኣብ ዓውደ ትግባረኡ ንመሪሕነት ምሉእ ስልጣን ምሃቡን ዝዝከር ኢዩ። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ብዕለት 25 ሓምለ 2008 ኣብ ትሕቲ'ዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ጭርሖታት ስርሓት መስራቲ ጉባኤኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጀሚሩ።

- ሰልፍና ፍረ ለውጢ ኣተሓሳስባናን፡ ኣሰራርሓናን ኢዩ!
- ሓቢርና ንስራሕ ከነድምዕ፡ ሓቢርና ነድምጽ ከነስሞ!
- ዲሞክራሲ፡ እወ ይካኣልዩ!
- ህዝቢ ዝመሰረቱ፡ ሓድነት ዝሕመረቱ፡ ለውጢ ዝሕላገቱ ሰልፊ ንምምስራት ሃየ ንታዓጠቕ!
- ዝምድና ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ይደልድል!

ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ሰሜን ኣመሪካ (እንተላይ ካናዳ ማለት'ዩ)፡ ኣውሮጳን ኣውስትራልያን ዝመጹ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓደስቲ ኣባላት ሰልፊ፡ ናጻ ዝኾኑ ተዓዘብቲ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብጻይ ሓጅ ዓብደልኑ፡ ወከልቲ 11 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎረምን ወኪል መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ሪፑብሊክ ኢትዮጵያን፡ ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፡ ናይ ኤርትራውያን፡ ናይ ኢትዮጵያውያንን ካልኦት ማዕከናት ዜና ዓለምን ተሳቲፎም ነይሮም።




ክሳብ ጉባኤኛታት ቦታኦም ዝሕዙ፡ ኣኼበኛታት፡ ብጉጅለ ስነጥበብ ስምረት እተዳለወ ዝተፈላለየ ጥዑም መዚቃ ክዛናጋዑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ "ስምረትዩ ትምኒትና፡ ሓድነትዩ ባህግና፡ ኣደ መሬት ከይትኸውን ዑና፡ ስምረት ይኹን መሰረት ዕላማና! ዝብል መዝሙር ኣብ ዝጀመረትሉ ግዜ፡ ኣደራሽ ብጣቕዒትን ዕልልታን ደመቐ።

ስዒቡ፡ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ መስራቲ ጉባኤ ብኣቦ መንበራ ብጻይ ኣማኒኤል ሃብተ ቀረበ። ብጻይ ኣማኒኤል፡ ነዚ ጉባኤ'ዚ ንምዕዋት ብኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣባላት ኮሚሽንን ከምኡ ውን

ሓደስቲ ሕጹያትን ዝተኻየደ ጻዕርታት ኣመጉሱ። ኣስዒቡ፡ ቃልሲ ነጻጺልካ ክርአ ስለዘይከኣል፡ ተቓወምቲ ውድባትን ዜጋታትን ፈተውትን ውን ኣብ ምዕዋት ናይ'ዚ ጉባኤ እጃም ነይርዎም ኢዩ ኢሉ።



ቍጽሪ ናይ ኣባላት ጉባኤ 140 ምኳኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ካብ 90% ንላዕሊ ኣብ ቦታ ጉባኤ ስለዝተረኽቡ፡ ጉባኤ ንምጅማር ዘድሊ ሕጋውነት ከምዘተማልአ ብምርግጋጽ እቲ ኣኼባ ብወግዒ ከምዝተኸፍተ ኣፍሊጡ። ቀጺሉ፡ ኣፈ ባይቶ ውድብ፡ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ብጥዕናዊ ምኽንያታት ኣብ'ዚ ንነዊሕ ዝተቓለሰሉን ሃንቀው ኢሉ ዝተጸበዮን ጉባኤ ክሳተፍ ዘይምኽኣሉ ሓቢሩ። ከምኡ ውን፡ ካብ ብጻይ ኢብራሂም ዝተላእከ ሰላምታን ጉባኤ ብዓወት ክዛዘም ዘለዎ ትምኒትን ድማ ናብ ኣኼበኛታት ኣመሓላሊፉ።




ብድሕር'ዚ፡ ብቅደም-ተኸተል ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብምኽትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓው ሓጅ ዓብደልኑር፤ ብምኽትል ኣቦ መንበር ተሓኤ፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፤ ብሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ሓው ዓብደላ ማሕሙድ፤ ብምኽትል ኣቦ መንበር እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ፡ ሓው ሮመዳን መሓመድ መሓመድ ኑር፤ ብኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ፡ ሓው ኑር ኢድሪስ፤ ብኣቦ መንበር ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም፤ ብወኪል እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን፡ ሓው ኢብራሂም ኢድሪስ፤ ብወኪል ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ሓው ተውፊቕ ኑርሑሴን፤ ብናይ ወጻኢ ሓላፊ፡ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ ሓው መሓመድ መዓር፤ ብኣቦ መንበር ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሓው

በሺር እስሓቕ፤ ብወኪል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ሓው ሓጅ ዓብደልኑር፤ ብወኪል እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ፡ ሓው ዓብደልቓድር ሸሪፍ ቀሪቡ። ኵሎም ድማ፡ ንዓወት መስራቲ ጉባኤና ዘለዎም ጽቡቕ ትምኒት ገሊጾም።

ብድሕር'ዚ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ቃል ውድብ ኣስሚዑ። ብጻይ ወልደሱስ፡ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ኣብ'ዚ ክልተ ዓመት ብውድብ ዝተኻየዱ ንጥፈታት ዘርዚሩ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ኮሚሽን ምስራታ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ዝገበሮ ምትሕብባር ኣብሪሁ፡ መበገሲ ሓሳባት ንምምስራት ሰልፊ እንታይ ምዃኑ ኣነጺሩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብኣባላት ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ ዝተገብረ ጻዕርታት ኣመጒሱ። ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ድማ፡ ጉባኤ ሰልፊ ኣብ ሃገሮም ክጋባእ ምፍቃዶም ኣመስጊኑ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ህላዌኡ ብወግዒ ከምዘብቅዐ ድሕሪ ምሕባር፡ ታሪኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣካል ናይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኰይኑ ኣብ ናይ ክብሪ ቦታ ክቕመጥን ክዝከርን ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከም ውልቀ ሕጹያት ኰይኖም ናብ'ቲ ጉባኤ ይኣትዉ ምህላዎም ብወግዒ ኣፍሊጡ።





ስዒቡ፡ ብጻይ ሃይለ ገብሩ፡ ኣቦ መንበር ኮሚሽን ምስረታ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሰልፊ፡ በቲ ኮሚሽን ዝተኻየዱ ህዝባዊ ኣኼባታት፡ ኤለክቶኒክ ኮንፈረንሳት፡ ብዜናዊ መዳይ እተኻየዱ ንጥፈታት …ወዘተ ብዝርዝር ገሊጹ። መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ኮሚሽን ብዘይ ገለ ቀይዲ ብናጽነት ክሰርሕ ዝገበረሉ ምትሕብባር ኣመጒሱ። እቲ ዝምስረት ዘሎ ጉባኤ፡ ውድባት እኳ እንተዘይተጸንበርዎ፤ ምሁራት፡ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ካልኦት ውድባት ዝነበሩ ዜጋታትን ናጻ ኣባላት ናይ ዝኾኑ ይኹን ውድብ ዘይነበሩ ኤርትራውያን ምጽንባሮም ዓቢ ዓወት ምንባሩ ኣረጋጊጹ። ንመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ውን ብዝገበርዎ ምትሕብባር መጒሱ ገሊጹ።



ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ፍረም ሰንዓን ወኪል ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ሪፑብሊክ ኢትዮጵያ፣ ሓው ሕቡር ገብረኪዳን፣ ንጉባኤኛታት ዝመሰጠ፣ ነቲ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተበጊሱ ዘሎ ዕላማ ናይ ሓድነት ናይ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ዝድግፍ ቃል ኣስመዐ። ከምኡ ውን፣ ዝተፈላለየ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጠርኒፎም ምቅላስ ቀዳምነት ክውሃቦ ዝግባእ ዕማም ምዃኑ ኣነጺሩ። ደገፍ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ቃልስታቱን ቀጻሊ ምዃኑ ድማ ኣረጋጊጹ።

በዚ፣ እቲ ናይ መኽፈቲ ጽንብል ድሕሪ ምዝዛሙ፣ ኣጋይሽን ኣባላት ጉባኤን ኣብ’ቲ ተዳልዩ ዝነበረ ናይ ሻህን ቡንን መግብን ኣዳራሽ ኣምርሑ።

ድሕሪ ምሳሕ፣ ኣባላት ጉባኤን ተዓዘብትን ናብ ቦታ ጉባኤ ተመሊሶም፣ ነቲ ጉባኤ እትመርሕ 7 ዝኣባላታ ሰክረታርያ ብምሉእ ድምጺ መረጹ። ሰክረታርያ ድማ፣ ናይ ኣኼባ ቅጥዕን ግዜን ኣጀንዳን ሰሪዓ ንጉባኤኛታት ሓቢራ። ብድሕር’ዚ ድማ፣ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ናይ ዓለም ዝመጸ ናይ ደገፍ መልእኽቲታት ተነቢቡ። በዚ፣ ናይ ሎም መዓልቲ ውራይ ብዓወት ተዛዚሙ። ጉባኤ ስርሓቱ ጽባሕ ክቕጽል ኢዩ።



ዝርዝራቱ ኣብ ዝስዕብ ሪፖርታጅ ክነቕርበልኩሚና።